ሓበሬታ ንወለዲ

# ምምሃርን ምግምጋምን ብመሰረት ንህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ዝምልከት ውጥን ትምህርቲ ናይ ግላሩስ

## ዝኸበርኩም ወለዲ

**ንህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ዝምልከት ውጥን ትምህርቲ ናይ ግላሩስ (Glarner Lehrplan) ውላድኩም ብኸመይ መንገዲ ፍልጠትን ክእለትን ከጥሪ ከምዝኽእል ይገልጽ። በዚ መሰረት ውላድኩም ኩሉ መዳያዊ ገምጋም ይውሃቦ። እዚ ኣብ ድፍኢት ናይ ትምህርቲ ዝተመርኮሰ ዓይነት ገምጋም ውልድኩም ኣብ ትምህርቲ ዕዉት ንክኸወን ዓቢ ተራ ይጻወት።**

መማህራን ኣብ እዋን ኣብ ክፍሊ ዝውሃብ ትምህርትን ኣብ ኣመሃህርኦምን በዚ ውጥን ትምህርቲ ይምርሑ።

መማህራን ቀጻሊ ነቲ ውጽኢት ወይ ዕዮ ናይቶም ተመሃሮ ብመሰረት ዕላማ ናይቲ ኣብ ክፍሊ ዝውሃብ ትምህርቲ ይምርምሩ። ተመሃሮ ነቲ ዕላማ ትምህርቲ ይፈልጥዎ እዮም። ውጽኢቶምን ዕዮኦምን ብዝተፈላለየ መንገድታት እዩ ዝምርመር፥

- ኣብ ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ብዝግበር ትዕዝብቲ
- ኣዘራርባን ኣገላልጻን ናይቶም ተመሃሮ
- ሓበሬታ ካብ ፕሮጀክትታትን ናይ ተመሃሮ ስራሓትን
- ውጽኢት ኣብ ናይ ክፍሊ ትምህርትን ኣብ እዋን ፈተናን

እቶም መማህራን ነቲ ውጽኢታት ኣጠቓሊሎም ኣብ ባጀላ የስፍርዎ።

እዚ ገምጋም ንድፍኢት ወይ ምትብባዕ ናይቶም ተመሃሮ ይጠቅም: ከምኡውን ተመሃሮ ንክምሃሩ ወይ ከጽንዑ ይሕግዞም።

### ኩሉ መዳያዊ ገመጋም ምሃብ

ቤት-ትምህርቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ትምህርቲ ከምትቐስም ይገብር። እቶም ተመሃሮ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነት ትምህርትታት (ቋንቋ ጀርመን: ቁጽሪ: ሙዚቃን ካልእን) ትምህርታዊን ካብ ትምህርታዊ ወጻኢ ዝኾኑን ነገራት ይምሃሩ (ነብስኻ ክኢልካ ምጽናዕ: ብጉጅለ ምስራሕ: ወዘተ)።

ኣብ ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ብዝተኻእለ መጠን ንብዙሕ ክእለታት ድፍኢት ወይ ምትብባዕ ይግበር። ነዚ ንምትግባር ፍሉያት ዕዮታት የድልዩ።

**ብሉጻት ዕዮታት ማለት፥**

- በዳህቲ ዝኾኑ
- ምስቲ ፍልጠት ዝመጣጠኑ
- ምስቲ ክእለት ዝመጣጠኑ
- ኣብ ርእሰ ምኽኣል ዘድግፉ
- ኣብ እዋን መጽናዕቲ ዝድግፉ
- ኣብ እዋን ስራሕ ዝድግፉ

**«ኣብዚ ኩሉ መዳያዊ ዝኾነ ገምጋም: ናይ መጽናዕቲ ዓወት እቲ ቀንዲ ዕላማ እዩ።»**

**እቲ ገምጋም ...**
**... ምስቲ ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ዝተኣሳሰር እዩ**
ምንጪ ናይ ነፍስ ወከፍ ገምጋም እቲ ኣብ እዋን ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ዝነበረ ናይ ምምሃር ወይ ምጽናዕ ኩነታት እዩ።

**... ኣብ ድፍኢት ዝተመርኮሰ እዩ**
ገመጋምን ርእይቶን ንምምሃርን ንዕቤትን ናይ ውላድኩም የሐይል: ዝስዕቡ ስጉምትታት ናይ ምምሃር ውን የርኢ።

**... ግሉጽ/ግሁድ እዩ**
ኣብ ዓመታዊ ዝካየድ ዝርርብ ብዛዕባ ምዕባለ ናይ ትምህርትን ዕቤትን ናይ ውላድኩም ትሕበሩ።

**...ሰፊሕ/ኣጠቓላሊ እዩ**
እቲ ገምጋም ትምህርታዊን ካብ ትምህርታዊ ወጻኢ ዝኾኑን ክእለታት የጠቓልል።

### ዓመታዊ ዝርርብ

ኣብ ሞንጎኹም ከም ወለድን: ውላድኩምን መምህርን ዓመታዊ ዝርርብ ይካየድ። እዚ ዓመታዊ ዝካየድ ዝርርብ እቲ ዝተኻየደ ትዕዝብትታትን ገምጋምን የጠቓልል። ምስ ውላድኩምን ምስ መምህር ናይ ውላድኩምን ብዛዕባ ደረጃ ትምህርትን ዕቤትን ትዛረቡ። ግቡእ ምድላው የድሊ። ንዓኹም ኣገደስቲ ዝኾኑ ኣርእስትታትን ናታትኩም ትዕዝብትን መረዳእታን ውን ክተቕርቡ ትኽእሉ።

ኣብ ምድላው ናይ ዓመታዊ ዝርርብ: ውላድኩም ብመምህር ሓገዝ ይግበረሉ።

© 2021 · Departement Bildung und Kultur · Abteilung Volksschule · www.gl.ch

ብሓፈሽኡ ተመሃሮ ብዘይ ፍሉያት ስጉምትታት ወይ ውሳኔታት እዮም ጉዕዞ ትምህርቶም ዘካይዱ። ፍሉያት ስጉምትታት ወይ ውሳኔታት ኣድለይቲ ምስዝኾኑ ግን: ኣብቲ ዓመታዊ ርክብ ክዝረበሉ ይኽእል: ናብ ሓላፊ ቤት-ትምሃርቲ ውን ነዚ ዝምልከት ሕቶ ምቕራብ ይክኣል እዩ።

**ስጉምትታት ክብሃል እንከሎ ነኣብነት እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ፥**

- ተወሰኺ ትምህርቲ ፍሉይ ደገፍ ንዘድልዮም ተመሃሮ (Heilpädagogik)
- ቋንቋ ጀርመን ከም ካልኣይ ቋንቋ (DaZ)
- ስነ-ልሳን (Logopädie)
- ስነ-ኣእምሮኣውን ምንቅስቓሳውን ሓገዝ (Psychomotorik)
- ምዕራይ ናይ ውልቂ ዕላማ ወይ ካብ ነጥቢ ነጻ ምኟን (Lernzielanpassung oder Dispens)

**ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲ ክውሰዱ ዝኽእሉ ውሳኔታት ማለት፥**

- ኣብ ብንእሽተይ ጉጅለ ዝመሃሩሉ ክፍሊ (Kleinklasse) ወይ ኣብ ሞንጎ መዋእለ ህጻናትን ቀዳማይ ክፍልን ዘሎ ክፍሊ (Einführungsklasse) ምምዳብ ወይ
- ክፍሊ ምድጋም
- ክፍሊ ምዝላል
- ኣብ ውሽጢ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ (Sekundarstufe I) ናይ ዓቕሚ ደረጃ ምቕያር (Niveau)

## ባጀላ/ምስክር ወረቐት

እቲ ባጀላ ውጽኢታት ናይ ውላድኩም ብኩሉ መዳያዊ ገምጋም ይገልጽን እቲ ዓመታዊ ዝርርብ ከምዝተኻየደ የረጋግጽን።

ኣብ ባጀላ ናይ መዋእለ ህጻናትን 1ይ ክፍልን ነጥቢ የለን። ዳርጋ መረጋገጺ ናይ ትምህርቲ ጥራይ እዩ። ካብ 2ይ ክፍሊ ጀሚሩ ውላድኩም ነፍስ ወከፍ ፍርቂ ዓመት ነጥብን ገምጋም ናይ ዓይነት ትምህርትን ዝሓዘ ባጀላ ይወሃቦ።

ካብ 5ይ ክፍሊ ጀሚሩ እቲ ባጀላ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾኑ ክእለታት የጠቓልል። እዚ ማለት ናይ ስራሕን ምጽናዕን ማሕበራዊ ጠባያትን ማለት እዩ።

ሓደ ዓመተ-ትምህርቲ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ዝሕሰብን ዘይሕሰብን ናይ ገምጋም እዋን ኣሎ። Im Laufe eines Schuljahres gibt es zahlreiche bewertete und unbewertete Beurteilungsanlässe.

ሓደ ክፋል ናይዚ ሓበሬታታት ውላድኩም ንገዛ ሒዝዎ ክመጽእ እዩ ወይ ብዛዕባኡ ይነግረኩም። ናይ ባጀላ ነጥቢ ንኽህቡ መማህራን ንኹሉ ዘሎ ሓበሬታታት ኣብ ግምት ኣእትዮም የመዝኑ። እዚ ማለት: ናይ ባጀላ ነጥቢ ገምጋም: ናይቲ ተመሃሮ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ ዘምጽዎ ነጥብታት ጥራይ ዘይኮነስ: ሙሉእ ገምጋም ናይ ጽሑፍ: ናይ ቃልን ናይ ተግባርን ውጽኢት ናይቶም ተመሃሮ ዘጠቓልል ነጥቢ እዩ።

© 2021 · Departement Bildung und Kultur · Abteilung Volksschule · www.gl.ch